# ንማኻኸር ንፍለጣ ንኹሉ

ብበላይ መስፍን

13.10.2017

ኤርትራውያን ፍልልይና መሳወሪ ኣለዎ
ፋሕፋሕ ኢልኩም ኣይትጸዕዎ
ጽልኢ ኢልኩም ኣይትጸውዕዎ
ንዑ ሓሲብኩም ውሽጡ ርኸብዎ
ሽዑ እክብ ኢልኩም ክትፈትሕዎ

ኣሸንኳይ ናትና ናይዞም ደቂ ፍቕሪ
ከባእስ ዝኽእል ዘይነበሮ ባህሪ
ካልእ እኳ ብዕርቂ ዝሰሪ
ንዑ ሕጅስ ንምለሳ ንፍቕሪ
ሕብር ኢልና ሃገር ከነዐሪ

ፍለጡዎ ሽግርና ኣጀማምርኡ
ሃገር ንምፍራስ'ዩ ተጠጅኡ
ካልእ ሽም ክብዋ ንሃገር ብድሕሪኡ
ከም ድላዮም ጌሮም ንኣና ክገዝኡ
ኣይፈለጥናዮምን ግን ብኣግኡ

ያኢ ንቃልስና ኩሉ መርሚሮምዎ
ንልብና'ውን ኩሉ ፈቲሾምዎ
እዝጊሄር ዝሓሰቦ'ውን ኩሉ ፈሊጦምዎ
ንድንቁርንኦም ልቦና ጌሮምዎ
ንነብሶም ልዕሊ እዝጊሄር ሰሪዖምዎ

እዞም ዘይሓፍሩ ንጻጻስ ክኣስሩ
ነቲ ልኣኺኦም ከይመርመሩ ግብሩ
ዝበሎም ክገብሩ ኣብ ሓጥያት ዝነብሩ
ሃገር እናጠፍኤት ዓይኖም ዝዓወሩ
ሃገር ክሕልው ከም ዘይትዓስከሩ

ሎሚስ እኳ ንብሎ ጠፊኡና
ሓቂ ጠፊኣ ካብ መላእ ህዝብና

መልክዕ ዘይብሉ ፍልልይ ንሰምዕ ኣለና
ናብ ካህናት ሓሊፉ እቲ ቃንዛና
እንቋዕ ካኣ ካህናት ተባራበሩ ከይበረስና

ህዝቢ ረብሪቡ ካብ ተስኡ ካህናት
ወጻዒና ክሳዓር ኢዩ ደጊም ብዘይ ኩናት
ይታኣከብ ጥራይ ኩሉ ባዓል ንያት
ንህዝብና ክንመልሶ ካብ ኩሉ ኩርንዓት
ኣብ ዝፈትዋ ዓዱ ክነብር ብስርዓት

ሓጥያት ግዲ ጽኒሑና እምበረ
እቲ ቃልሲ ንፍትሒ እተጀመረ
ኣስዒቡልና ሽግር ዝመረረ
ዝነበረ ባህልና ተሰወረ
ጠባይ ተኸሲቱ ዘይነበረ

ግን ኣይትጣራጠሩ ብመጻኢ
ይደሊ ኢዩ ዘሎ ኩሉ መዋጽኢ
ብሃረርታ ክርኢ ዝሓይሽ መጻኢ
ንርከባ ጥራይ እታ መውጽኢ
ክተርፍ'ዩ ኩሉ ዘሎ ጽልኢ

ዓቕሊ ጽበት'ዩ ፋሕፋሕ ዘብለና ዘሎ
በታኒና ከሊኡና መድሎ
ዝገበሮ ገበን ገመል ዘይተልዕሎ
ሰላም እንተኾይኑ ነቲ ክሲ ከይነልዕሎ
ከምኡ ኢልና ክንተርፍ ይጽዕር'ዩ ዘሎ

ነዳሉ ጥራይ ንኹሉ ዝኽእሉ
ብዘይ ኣድልዎ ንሃገር ዘጽልሉ
ኣለውና ንብሎም ኣለናልኩም ዝብሉ
ካብ ኩሉ ኣውራጃታት ዝተመልመሉ
ይነገሮም ብህዝብና ከም ዝተወከሉ

እዚ ልኡኽ መዳናገሪና
ንጉዳዩ ዝተሓወሰና

ከይፈለጥና ካብ ኣዘንግዓና
ጉዳይና ነዐሪ ንው እክብ ኢልና
መወዳእታ ክረክብ ህዝብና

ሳኣን ዘተ ሳኣን ኢሂን ሚሂን
ህዝብና ይሽየጥ ብበደዊን
ንቡር ይጠፍእ ዘይነበረ ይኸውን
መንእሰይና እንዳበለ ዕውንውን
ንምታይ ኢና ሓደ ዘይንኸውን

ተሞክሮዶ ኣይኮነን ዝሰዕር ድንቁርና
ብጅግንነት ዓለም ከምዘየዛረብና
ኣብ ክንዲ ንኸብር ተዋሪድና
ንገዚፍ ስዒርናስ ሓደ መሊኹና
ንው መሪሕ ንግበር ካብ ሽግር ዘውጻና

ኣጉል ኣታሓሳስባ እዚዶ እቲኣዶ
እክብ ኢልና ግዳ ዘይንሰርሕ ኣጉዶ
ንው ወታሃደራዊ መግዛእቲ ኣይንልመዶ
ካብ ዘሎ ሽግር ዝገድድ ኣይርከብን ምዕዶ
ሕጊ ኢዩ ንሃገር ዘካይዶ

ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና